
# ** 3ይን ናይ መወዳእታን ክፋል ዕዮ**

## ሕታም ሕዳር-ታሕሳስ 1977 .



## ሓመድን ጥቕሙን

ሓመድ ኣብ ክልተ ይኽፈል። ኢንዱስትሪያዊ ሓመድን ሕርሻዊ ሓመድን። ኢንዱስትሪያዊ ሓመድ ንበብዓይነቱ ህንጻታት ማለት ከም ኣኼ መንገዲ፡ ኣባይቲ፡ ...ወዘተ፡ ዝኣመሰሉ መህነጺን ንበብዓይነቱ ኣቕሑት ማለት ከምኣኒ ዕትሮ፡ ቢኬቲ፡ ጻሕሊ፡...ወዘተ፡ መስርሒን የገልግል። ሕርሻዊ ሓመድ ብቐጥታ ንበብዓይነቶም ኣኽሰብ ተዘዋዋሪ ከኣ ንሰብን ንእንስሳታትን መመገቢ የገልግል። ኢንዱስትሪያዊ ሓመድን ሕርሻዊ ሓመድን ስነ ፍልጠታዊ ኣጸናንዕኡ ዝተፈላለየ'ዩ። ኣብ ሃገርና ንኸምዚኦም ዝኣመሰሉ መጽናዕቲታት ንምክያድ ቀዳሚ ሕጂ ዝተገብረ ምድላው ኣይነበረን። ስለ'ዚ ከኣ ሃገርና በዚ ፍልጠት'ዚ ድኻ ኮይና ትርከብ። በብዓይነቶም መመርመሪ ኣቕሑት ዚሓዘ ቤት መጽናዕትን /ላቦራቶሪ/ ናይ መፈተኒ ነቑጣታትን ምድላው ሓደ ካብ'ቲ ንሓዳስ ኤርትራ ዚጸበ ስራሕ'ዩ። ብዝኾነ ንግዚኡ ኣብ'ቲ ሰፊሕን ሕልኽልኽን ዝኾነ ትምህርቲ ሓመድ ከይኣቶና ብዛዕባ ሕርሻዊ ሓመድ መባእታዊ ትምህርቲ ክንወስድ ንፈትን።

ሕርሻዊ ሓመድ ክልተ ዓበይቲ ጥቕሚ ኣለዎ። ንኣብነት ተባሂሉ ኣብ ሰዕሊ ከምዝተጠቕሰ ንበብዓይነቶም ተኽሊ መግቢ የቕርብ። ካልኣይ ጥቕሙ ንበብዓይነቶም ተኽሊ ብንፋስ ብውሕጅ ብኣ ኣቢሉ ይዝ። ብተመሳሳሊ መንገዲ'ውን ጸሓይ ንዝሃርፉ ተኽልታት ንሰሳታት...ወዘተ፡ ተገፊዖም ከይሩር ቆቕን ከይምንቆሉን ቀጠዉ ትኽ ኢሉ ንኽዕሲ ንኺዓብዩ ንሰራውርም ከም ገመድ ገቲሩ ኣብ ሕቝፉ ብምሓዝ የገልግል።

ሕርሻዊ ሓመድ በብዓይነቶም ማዕድናት ዝሓዘ'ዩ። በብዓይ

ነቶም ተኽሊ ኣውን ከምኡ ብበብዓይነቶም ማዕዶናት ዚተሃንጹን ካብ መሬት ዘዘይድልዎም ዓይነት መዓዶን ዘወስዱን ዘምገቡን ኢዮም። ስለ'ዚ ንሓደ ዓይነት ተኽሊ ኣዝዩ ዘሰማምዕ ወይ ከኣ ፈጺሙ ዘይሰማምዕ መሬት ኣሎ ማለት'ዩ። ኣብ ዘሰማምዕ መሬት ተኽሊ ምስዝበቖለ፡ ጽቡቕ መግቢ ይረክብ። ዝበዝሐን ዝበለጸን ፍረ ድማ ይህብ። ስለ'ዚ ከኣ ኢዩ ሕርሻዊ ሓመድ ትሕዝቶኡ ንምፍ-ላጥ መጽናዕቲ ዝገበረሉን ከከምዓይነቱ ንዕኡ ዘሰማምዕ ተኽሊ ዝዝርኣሉን። ኣብ ዋሳኻ ሓመድ፡ ኣብ ዳኽ ሓመድ፡ ኣብ ሑጻዊ ሓመድ ዝዝርኡ ወይ ዝትከሉ ተኽሊ ዝተፈላለዩ ምዃኖም በዚ ንር ዳእ።

ናይ ሓመድ መጋቢነት በዚ ኣይውዳእን። ንኣብነት ንበብ ወይ ንእንስሳታት መግቢ ዘድልዮ ተኽሊ ናይ ግዱን ምፍራይ ንበል ተደልዩ። እንተኾነ ንዕኦም ዝሰማምዕ ይስኣን። ከምዚ ዝኣመሰለ ሽግር ከጋጥም ከሎ መፍትሒኡ ነቲ ሓመድ ጠባዩ ከምዝቕየር እዋ ነቲ ተኽሊ ተሰማሚዒ ከምዝኸውን ምግባር ኢዩ። በብዓይነቶም ድኹዒ ንኾዎዚ ኢዮም ዘገልግሉ። ኣብ'ዚ ዘሎናዮ ዘመን ስልጣነ ወዲ ሰብ ኣብ ዝሰዓለ ደረጃ በጺሑ ይርከብ። ብዘይካ'ቶ ኣብ ደምበታትና እንዓልዶም ድኹዒታት ኣብ ዓበይቲ ፋብሪካታት ዝበርሑ ብዓቢ ጥበብ ዝተቓመሙ መሰባሕቲ ሓመድ ብሪሑ ዓውደኸ ኣሎ። ኣብ ኤርትራ ከምዚኦም ዚኣመሰሉ ፋብሪካታት የለዉን። ካብ ወጻኢ ሃገር ዓዲግና ኢና ንጥቀም። ጠንፈር ማዕዶን ምስ ማዕበለት፡ ናይ ሃገርና ተፈጥሮኣዊ ማዕዶናት ከንሓልበምን ከንበርሶምን ምስ ጀመርና፡ ብፍሳይ ከኣ ኣብ ደረጃ ምዕባለ ፔትሮ-ኬሚካል ኢንዱስትሪ ምስ በጻሕና ግን ኣብ ውሽጢ ሃገርና ከምንበርሖ ጥር ጥር የብሉን። ዝኾነ ይኹን ሓመድ ንኣኽሊ መግቢ ይህብ ምዃኑን እቲ ሓመድ ብቑዕ ማዕዶን ንእንደልዮ ዓይነት ተኽሊ ዘሰማምዕ ምስዘይህልዎ ድማ ጠባይ ናይ'ቲ ሓመድ ኪንቅይር ከምዚከኣልን ንርዳእ። ሓደ ሓደ ግዜ ኣብ ከንዲ'ቲ ጠባይ ናይ'ቲ ሓመድ ንልውጥ ናይ ግዱን ዓይነት ናይ'ቲ ተኽሊ ከንቅይር እንገደዶ እዋን'ውን ስለዘሎ ኣይንዘንገዕ።

ብወገን ጠንፈር ሕርሻ ምቅርራብ ኪገበረሉ ዘገባኦ ምስ'ዚ ዝጠቓለና ንጥቢታት ዘወሃሃዱ ንጥፈታት ኣሎ። ንኣብነት ኣብ ብዙሕ በታታት ኤርትራ መኻዚኖ መሰባሕቲ ሓመድ ምዝርጋሕ በብወ

ገኑ ማለት ኣብ ቆላታት፡ ደጋ፡ ወይነ ደጋ፡ ናይ ሕሙዱ መጽናዕቲ
ምክያዱ፣ ንሒረስቶት ብዛዕባ ጠባያት ሕሙዶም ኪተኽእሎም ርዩ-
ኪዘርኡዎም ዝግብኦም ተኽሉ ምሕባር ዮዱሉ፡፡ ብኣገባብ ኣተሓሪርሳ
መሬትን ኣበታትኻ ማይን፡ ተበሊ ካብ ሕሙዱ መገቦም ከወስዱ ከሰራ
ንፍረኦም ብተገዳስነት ስለእንጸበዩ ሕርሻዊ ሕሙዱ ምስክዳም ዕቃ
ተበሊ ብዝበለጸ ከምዝምገቡ ሓረስቶት ኤርትራ ብጽሖ ከምዝርደእዎ
ምግባር ሓደ ካብ'ቲ ኪነታዊ ሓገዝ ዝወሃቦም ይኸውን፡፡ ንኣብነት
ኣብ ኣገባብ ዉዳበ ሕርሻታትና ዝርከቡ ሓረስቶት ዶሮ ጥቒ ምዕ
ቡል ምዱሳው ሕሙዱ ክርክዩ ጀሚሮም ኣለዉ፡፡

ንሕርሻና ሕሙዱ ጥቕሚ ኣሳብ ዝገብርዩ ረቋሒታት ዉን ኣለዉ፡
ንበዓም ክሊ ፍገረ መሬትን ምንዳይ ሓርሻ ኢዩ፡፡ ሕሙዱ ብሸሉተ
ኣገባብ ተፈገረ ይጠፍእ፡፡ ብማይን ብንፋስን፡፡ ብግዜ ዉሕጅ ኩሉ
ትና እንዕዝብ ናይ ርሑይዝ ኤርትራ "ሕሙዱ" ምምባል ኢና፡፡ ኣብ
ነፍሊ ርከፍ ዉሕጅ ብኣሸሓት ኩንታላት ዝጸድር ሕሙዱ ዉርቱ ተፈ
ገሩ ይጠፍእ ከምዘለውን ክሳብ ትና እንርዶእ ኢና፡፡

ናይ'ቲ ሕሙዱ ተፈጊሩ ምጥፋእ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ሉሉ በታ
ታት እምበኣር ተፈጊሩ ጋገ ይፍጠር፡፡ ንሕርሻ ጥሙሕ ዝ ዘረረ ገረት
ፈርም ዘይስርሕ ከይኑ ይጠፍእ፡፡ ብተቦብሉ ኣገባብ ንፋስ ሕሙዱ
ህብቡስ፡ ዘራጊተ ዝእመብሉ/ ንሕሙዱ ይፈግሮ፡፡ ብንፋስ ተሓፊሱ
ዝጠፍእ ሕሙዱ ኤርትራ ኣዝዩ ብዙሕ ኢዩ፡፡ ዝዓበየ መዱሓን ንናይ
ማይን ንፋስን ምፍጋር መሬት ክኣ ኣገራብ ከይበርሩ ምክልኻል፡
ኣብ ስዱፍታት ዘሎ ሕርሻታት ምቁራጽ ወይ ከኣ ብመደብ ብመደገ
ከም ዝድልዱሉ ምግባር፡ ሓደስቲ ኣገራብ ኣብ ምልኣ ኤርትራ ምት
ካል፡ እንስሳታት ሕሙዱ ከቢብ ዝርጽእ ኣብ ሓደ በታ ከጋጥን ዘይ
ምፍታዱ፡፡ ዘራእቲ ኣብ ዘዝርኡሉ በታታት ካብ ዓመት ናብ ዓመት
ዓይነት ዘራእቲ እናቐያየርካ ምዝራእ ኢዩ፡፡

ምንዳይ ሓዊ ንሕርሻዊ ሕሙዱ ዓቢ ጉድኣት የውርደሉ፡፡ ቶጺ
ዷጥ ምስተቓጥቀጠ ኣብ ከንዲ ዕዕንጸይቲ ንእተን ወይ ንምህነጺ፡
ቀቀጽሉ ከኣ ኣብ ጉዱጓዱ ከምዝምሽምሸ ተገይሩ ንዳዅዒ ዝዓሉ ኣብ
ሃገርና ሓዊ ምንዳዱ ኢዩ ዘዝውትር፡፡ ሕሙዱ ሓዊ ምስዝነዱዱ እ
ቶም ኣብ ውሽጡ ዘለዉ መዓዱናት ይነዱ፡፡ ንተኽሊ ኩምነብ ኣብ
ዘይበማማዕ ዓይነት ይልወጡ፡፡ ብሓዊ ብዘይካ'ቲ ካብ ሕሙሸሸቲ

ዝርከብ ማዕዶን ብዝተረፈ እቲ ሐመዱ ይምከን። ናይ ምንዳድ ጥቕሙን ጉድኣቱን ብንብረ ዝንለጸ ክልተ ተመሳሰልቲ ግራውቲ ሰንቲ ዝንደደት ሰንቲ ዘይንደደት ካብ ዓመት ናብ ዓመት ዝሀብኦ ፍረ ምዕዛብ ምስዝንባበር ኢዩ።

ሰሜ ዓርጋ ጮሎስ ደጋ ኤርትራ ካብ ኣገረብ በሪኡ እቲ ወይነ ደጋ ከኣ ኣብ ብርቱዕ ምብራስ ኢዩ ዘሎ። ኣብ በጫፍ ምብራቕ ኤርትራን ኣብ በጫፍ ባሕርን ዘለዉ ዘሎ ናይ ኣገረብ ምብራስ ዘመት ዘሰንብዶ ኢዩ። ዕለታዊ መግቡ ኩረኽበሉ ዝኽእል ጥሙሕ ስራሕ ዘይብሉ ብዙሕ ህዝቢ ገጠር ኤርትራ ኣገረብ እናቖረጸ ንምሕማን ንዕንጸይትን ከምዝሸየጡ ብዝተረፈ ከኣ ርብዒት ዘይተዘርአ ግራት ንኸጥሪ ብማለት ተዓገት ኢሰከዩ ዘይዕገተሉ ተሃሳሳኺ ደረቓ መዕናዊ በጺሑ ይርከብ። እዚ ተግባራት'ዚ ብጋ ህዒ ናይ ሰበኣ ሐመዱ ኤርትራ ጥቕሚ ኣለቦ ከምዝኸዉን መረዳእ ኢዩ።

ሐመዱ ኣበጋቢ ሂወትና ኢዩ። ንክናኽና፡ ንፍለጦ፡ ንጠንቀቐ። ጥቕሚ ሐመዱን ህዝብናን ሰረዊትናን ብዝግባእ ንማሃር።

/ይቕጽል ካብ ወንፈር ሕርሻ /

## ካብ ቅጠባዊ ታሪኽ ኤርትራ

### ናይ ገመድ መንገዲ /ተለፈሪካ/ ኣብ ኤርትራ፡

### 1935 —43 ዓ.ም.ፈ.

**መን ሰሪሑ፧ ስለምንታይ፧**

ኣብ ኤርትራ ኣብ መንጎ 1935—1943 ዓ.ም.ፈ. ሓደ ካብ ምጽዋዕ ናብ ኣስመራ ዝኸይድ ናይ ገመድ መንገዲ ተሰሪሑ ኣብ ኣገልግሎት መጓዓዝያ ይውዕል ከምዘነበረ ታሪኽ ኣይዝንገዖን ኢዩ። እዚ መንገዲ'ዚ ብሓለፋት ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢጣልያ ብሓንቲ ናይ ጫሳን ኩባንያ ብ1935 ተጀሚሩ 1937ዓ.ም.ፈ. ከም ዝተወደአ ተዘከር ዘከኣል ኢዩ። መንግስቲ ኢጣልያ ንረብሓኣ ኢላ ተስርሖ እምበር ብዋጋኡ ዘይተኸፍለ ከቡር ዕዮን ሂወትን

ናይ ሓፋሽ ኤርትራውያን ከምዝ ተበርሑ'ውን ዘይከሓድ ሓቒ'ዩ። እዚ መንገዲ'ዚ ኣብ ዓለም እቲ ዝነውሐ ከምዝነበረ ፍሉጥ ኢዩ።

ንምጃኑ ከም'ዚ ዝዓይነቱ መንገዲ ንክትሰርሕ ንኢጣልያ ዘደፋፍክ ምኽንያት እንታይ ነይሩ!

እቲ እዋን'ቲ መስፋሕፍሒት ኢጣልያ ንኤርትራ ብምግዛእ ጥራይ ከይዓገበት ኣንከሳይ ንኢትዮጵያ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእታ ንምግባር ትቀራረበሉን ድሕር ትሕምረሉን ዝነበረት ግዜ ኢዩ። ከም- ከንዲ ዝኾነ ዶማ ካብ ኢጣልያ ንኤርትራ ዝኣቱ ዝነበረ ሰራዊትን ብረታትን ስንቅን ካልእ ንቲ ውግእ ንምክያድ ዘድልዩ ብዘይ መጠን ብዙሕ'ዩ ዝነበረ። ከም'ውን እቲ ካብ ኤርትራ ዝግፈጦ ብብዓይነቱ ጥረ—ነገራት ንኢጣልያ ናይ ምስጋር ሕቶ ነይሩ።

ብሓጺሩ እቲ ካብ ኢጣልያ ንውሽጢ ኤርትራ ዝኣቱ ዝነበረን እቲ ካብ ኤርትራ ንኢጣልያ ዝሰኣኽ ዝነበረን ኣቑሑት ብዘይመጠን ብዙሕ ስለዝነበረ፡ እዋ እቲ ነዚ ኣቑሑት'ዚ ካብ ኣስመራ ንምጽዋዕ፡ ካብ ምጽዋዕ ድማ ንኣስመራ ዘሳልስል ናይ ምዱብ ባቡር መስመር ጽርግያን ብቑዕ ከይኮነ ስለዘይተረኽበ፡ እቲ ኣቑሑት ኣብ ደገብ ምጽዋዕ ይኽመር ነበረ። ነዚ ሽግር'ዚ ንምፍታሕ ድማ ሓሰት ንወረር ዘይሓሉ ኣቑሑት ብዝተፋጠነ መንገዲ ነስመራ ንምእታው/እቲ ዝተባህለ ናይ ገመድ መንገዲ ንክትዝርጋሕ ተገደደት።

ሓጺር መግለጺ ብዛዕባ ናይ ገመድ መንገዲ:— ከም እቲ ኣቐዲሙ ዝተገለጸ እዚ መንገዲ'ዚ ብ1935 ኣብ ምጽዋዕ ተጀሚሩ ኣብ መወረጃ ናይ 1937 ዓ.ም.ፈ. ኣብ ኣስመራ በጺሑ። ኣገልግሎቱ ድማ ካብ 1937 ዓ.ም.ፈ. ጀሚሩ ብዘይ ምቁራጽ ክሳብ 1943 ዓ.ም. ቀጺሉ።

ንውሓት ናይ'ቲ ገመድ 78.800 ኪ.ሜ. ኣቢሉ ይኸውን። እቲ መንገዲ 3 መስመራት ወይ ገመድ ነይርዎ። ነፍሲ ወከፈን 300 ኪሎ ዝሰከማ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ 100 ሜትር ተመሓቢን ዝንቀሳቐሳ ክሳብ 1500 ዝኾና ጸዓነቲ ነይረንኦ። ሓንቲ ተጻዓኒት ኣብ ከሊኢት ብከንዳ/2 ሜትር ትጓዓዝ። ዓቕሚ ናይ ነፍሲ ወከፍ መንገዲ ካብ ኣስመራ ንምጽዋዕ ወይ ካብ ምጽዋዕ ንኣስመራ ማለት'ዩ/ 30 ቶን ኣብ ሓደ ሰዓት ኢዩ። ወይ ድማ ኣብ ሓደ መዓልቲ ኣብ 10 ሰዓት እንተሰርሐ ብረሑ ኣብ ሓደ መንገዲ ጥራይ 300 ቶን ክግዕዝ ይኽእል።

ምስ'ቲ ጸርግያን መንገዲ ባቡርን ፆዱሬ/ዝሓትያ ናይ መጎዓዝያ ዋጋ ከነጻጽር እንከሎ እቲ ናይ ገመድ መንገዲ ዝነበረ ናይ መጎዓዝያ ዋጋ ብዝያ መጠን ብሑር ኢዩ:: ንኣብነት ንሓደ ቶን ካብ ምጽዋዕ ንኣስመራ ንምጉዓዝ ናይ ገመድ መንገዲ ዝሓቶ ዝነበረ ዋጋ 60 ሊረ ኢጣልያ ክኸውን እንከሎ ካብ ኣስመራ ንምጽዋዕ ንሓደ ቶን ንምጉዓዝ'ውን 30 ሊረ ኢጣልያ ጥራይ ኢዩ: በዚ ምኽንያት'ዚ ናይ ገመድ መንገዲ ካብ 1937 ዓ.ም.ፈ. ጀሚሩ ክሳብ 1940 ዓ.ም.ፈ. ላዚ መግዛእቲ ኢጣሊያ ኢዩ/ ጸቡቕ ኣገልግሎት ይህብ ከምዝነበረን ኣብ ዓዓመት ክሳብ 36.720 ቶን /ዓመታዊ ገምጋም/ ዝኸብደቱ ኣቑሑት የጉዕዝ ከምዝነበረ ተፈሊጡ ኣሎ::

እቲ መንገዲ ብ1943 ዓ.ም.ፈ. ብትእዛዝ ባዕዳዊት ገዛኢት እንግሊዝ ስርሑ ከምዝቋረጸ ታሪኽ ይነግር:: ባዕዳዊ መግዛእቲ እንግሊዝ ዝሃብ ምኽንያት "ነቲ መንገዲ ኣብ ጥቕሚ ንምውዓሉ ክስራን ስለዘሸገረ" ይብል:: ይኹን እምበር እቲ መንገዲ ብሕልፊ ትሑት ክብሪ /ትሑት ዋጋ/ ንዘለዎም ኣቑሑት ኣብ ምጉዕዓዝ ብዙሕ ቁጠባዊ ተደላይነት ከምዘነበሮ ዘይከሓድ ሓቂ ኢዩ:: ባዕዳዊ መግዛእቲ እንግሊዝ ከምዚ ዝኣመሰለ ዱሑር ስጉምቲ ብምውሳዱ ድማ ኣብ ቁጠባዊ ምዕባለ ኤርትራ ዝፈጠሮ ጸቕጢ ብቐሊሉ ዝረኣ ኣይኮነን:: ንባዕዳዊ መግዛእቲ እንግሊዝ ዝተኸአ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ'ውን ኣብሮ መግዛእቲ እንግሊዝ ብምኽታል ነቲ መስመር ጠጠው ኣቢልያ ጥራይ ዘይኮነ ነቲ መስመር'ውን በናቕሩ ብምሻጥ ነቲ ዝነበረ ኣገዳሲ ናይ መጎዓዝያ መስመር ፈጺሙ ከምዝዓኑ ገይርያ ይርከብ::

## ቃለ መጠይቕ

ሎብ'ዚ ናይ ሎሚ ዓመቲ ቃለ መጠይቕ ቀሪቡ ዘሎ ትሕዝቶ ወኪል ዷዩ ብዘዕባ ምዋዋይ መካይን ብዝርኢ ጉዳይ ምስ ሓላፊ ጠንፈር መጎዓዝያ ኣብ ዝገበሮ ዝርርብ ዝቐርበ ኢዩ::

ዕዩ:- ዓወጋ ካብ 1975 ዓ.ም.ፈ. ጀሚሩን ቀጺሉን ብርከት ዝበለ ናይ ጸላኢ •ካይን ብውድብና ተጨውዩን መኪን ንውድብ ንህዝብን ዘዳሲ ኣገልግሎት ኣብ ምሃብ ከምዝርከባ ፍሉጥ ኢዩ::

እዋ ኣቓልቦኻ ብዛዕባ ዕላማ ናይ ምጥቃይ መካይን ክተብርሃልና'ዶ ምኸኣልካ፧

<u>ብጻይ ተጋዳላይ</u>:— ከም ቲ ዝበልካዮ ብምጥቃይ ወይ ብምምንዛዕ መልክዕ መጺኣን ንውድብን ህዝብን ዘገልግላ ዘለዋ መካይን ናይ ጸላኢ ቁጽረን ውሑድ ኣይኮነን። ዕላማ ናይ ምጥቃይ መካይን ብውድብና ከኣ ብሓጺሩ ክገልጸልካ ክፍትን ኢየ። ሓደ ካብ'ቲ ብብዓይነቶም ናይ ውሽጥን ወጻኢን ኣዱሓርሓርቲ ኣገጻር ውድብና ዝወሰዶ ዝነበረን ዝወሰዶ ዘሎን ቃልሲ ቁጠባዊ ማሕነቖቲ ወይ ጸቕጢ ኢዩ። እዋ ብኻልእ መንገዲ ክረአ እንከሎ ምጥቃይ መካይን ብሕልፊ ብድሕሪ 1975 ውድብና ዝደረኸትሉ ምኽንያት ነቲ ዝነበረ ቁጠባዊ ጸቕጢ ብኹሉ ወገን ንምዝላቕ ወይ ንምፍዃስ ኢዩ።

እቲ መሰረታዊ መንቀሊ ናይ ምጥቃይ ግን እቲ ኣቓቕም ዝተጠቕሰ ኣይኮነን። ንህዝብና ንዝጥፍጥፍ ወራሪ ሰራዊት ኢትዮጵያን ብረቶን ሰንቀን...ወዘተ፡ ዘመላልሳ መካይን ምጥቃይ ወይ ምምንዛዕ ነቲ ወተሃደራውን ቁጠባውን ምምሕዳራውን ምንቅስቓስ ናይ ጸላኢ ምዕናው ወይ ምስንኻል ስለዝኾነ ናይ ግዱን ኣዱላዪ ኢዩ። ብኻልእ መንገዲ ክንሪኦ እንከሎና'ውን ንቁጠባዊ ትሕዝቶ ናይ ውድብና'ውን ብመጠኑ ዘደልድል ኢዩ። ዓቢ ግምት ዝወሃቦ'ዉ እንተዘይኮነ፡ ኣብ ከምዚ ዘለናዮ ሓፈሻዊ ቁጠባዊ ኩነታት'ውን ከምዲገና ነቲ ርእሰና ንምኽኣል እንገብሮ ዘሎና ዝተናውሐ ቃልሲ ክኸውን ዘይክእል ኣይኮነን።

<u>ዕ.ዋ</u>:— ጽቡቕ፡ ዕላማኡስ ብሰፊሑ ገሊጽካልና ኣሎኻ። እቲ ናይ ምጥቃይ ተግባራት ብሳብ ብኸመይ ከምዝተደፍኣሉ'ኸ ክትገልጸልና'ዶ ምኽኣልካ፧

<u>ብጻይ ተጋዳላይ</u>:— እቲ መካይን ናይ ምጥቃይ ቃልሲ ዝተጀመረሉ ብ 1975 ዓ.ም.ፈ. እኳ እንተኾነ ጸዓቕ ዝተፈጸመሉስ ኣብ 1976 ዓ.ም.ፈ. ኢዩ። ኣብ 1977 ዓ.ም.ፈ. እውን እዚ ዓይነት ቃልሲ'ዚ ብመጠኑ ተኻይዱ ኢዩ። ብሓፈሽኡ ክረአ እንከሎ ካብ ማእከል ኣስመራን፡ ምጽዋዕን ካብ መገዲ ኣስመራ—ምጽዋዕን፡ መገዲ ኣስመራ ከረንን፡ ደቢዓን ኢዩ እቲ ስራሒታት ዝተኻየደ። ዳርጋ 67 % ናይ'ቲ ዝተኻየደ ምጥቃይ ብ1976 ዓ.ም.ፈ. ዝተፈጸመ ኢዩ። ከምኡ'ውን ከባቢ 48 % ናይ'ቲ ስራሒታት ኣብ ውሽጢ ኣስመራ ዝተኻየደ ኢዩ። ፍራሽት ተጋደልቲ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ምስ ብጣዓት ኣባላት

ሓፋሽ ውድባትናን ካልኦት ተሓባበርቲ ውድባትን ተሓጋጊዞም ንጸላኢ
ካብ ኢዱ ኣናመንዘዑ፡ ብዘደንቕ ክእለት ከውጽእዎን ኣብ ተጸላዊ
ናይ ውድብን ህዝብን ሰረሓት ከምዝምደባ ኪገብሩን ምርኣይ ናይ
ብሓቂ ዘደንቕ ኢዩ፡፡

ዐዩ:— ክሳብ ሕጂ ካብ ዝተፈጸመ ናይ ምጥፋእ ወይ ምምንዛዕ ቃ
ልሲ ዝተረኽበ ዓወት ብሓፈሻኡ ኣብ ሪህካልና ኣሎኻ፡፡ እቲ ዝተረ
ኽበ ዓወት ብዝርዝር ክተቕርበልና እንተትኽእል'ውን ጽቡቕ ነይሩ፡

ብጻይ ተጋዳላይ:— ካብ 1975 ዓ.ም.ፈ. ክሳብ እዚ ግዜ'ዚ
ብጠቕላላኡ ካብ ኢዱ ጸላኢ ብውድብና ዝተመንዘዐን ንብረት ናይ
ውድብ ዝኾና በበዓይነተን መካይን 54 በጺሐን ኣለዋ፡፡ ካብተን
ዝተጠቕሳ 3 ብ1975፡ 36 ብ1976፡15 ድማ ብ1977 ዓ.ም.
ኢየን ዝተጨውያ፡፡ ካብዚአን 16 በበዓይነተን ንኣሽቱ መካይን
ከኾና እንከለዋ፡ እተን ዝተረፋ 38 ድማ በበዓይነተን ዓበይቲ
መካይን ኢየን፡፡ ካብተን ዓበይቲ ተባሂለን ተጠቒመን ዘለዋ ሓንቲ
ግሬደር፡ ሓንቲ ትራክተር፡ 6 ኣውቶቡሳት ሸሑስን ወደ ዘማች ኣብ
ምጉዓዝ እንከለዋ ዝተመንዘዓ ፡ 21 ድማ በበዓይነተን ዓበይቲ
ናይ ጽዕነት መካይን ይርከበኦን፡፡

ዐዩ:—ኣብ መጠረሽታ ብዛዕባ ክምዚ ዝኣመሰለ ውድብና እተኻየዶ
ዘር. ቃልሲ ዘለካ ርእይቶ እንተተሃበና ኣይንጸልኣን፡፡

ብጻይ ተጋዳላይ:— እዚ ሓደ መንገዲ ካብቲ ውድብና እንጻር ጸላኢ
እትወስዶ መሪር ቃልሲ ኢዩ፡፡ እዘን ዝጥወያ ወይ ዝምንዛዓ ዘለዋ
መካይን ንሰራዊት ጸላኢ፡ ንሰንቁ፡ ንኣረቱ..ወዘተ፡ ዘጓዕዛ
ስለዝኾና፣ ናይ ጸላኢ ምንቅስቓስ ንምሕምሻሽ ማለት ንዝገብሮ ወ
ራር ንምፍሻል፡ ኣበየ ብትኹ ንዘለዉ ሰራዊቱ ብሰብ ከነ ብብረትን
ሰንቅን ንምድልዳል ቢሉ ንዝገብሮ ጻዕሪ ንምምካን፡ ህዝቢ ንምጥፍ
ጨፍ ኢሉ ንዝገብሮ ዘመተታት ንምፍሻል... ወዘተ፡ ገበእ ውድብና
ስለዝኾነ፡ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ፈጸስታዊ ሰረሓት ዝጥቀመሉ ውኪ
ይን ዝከኣል እንተኾይኑ መንዚዕካ ንዕኡ ነቲ ዝረኽቦ ዝነበረ ኣገ
ልግሎት ከም ዘስእኖ ምግባር፡ ነተን መካይን ድማ ንውድብን ህዝ
ብን ተጸላዊ ኣገልግሎት ከምዝህባ ምግባር፣ ዘይከኣል እንተኾይኑ
ድማ ጸላኢ ~እንተ ከይጥቀመለን ኣብ ዘለዋኦ ቦታ ምዕናወን መት
ከሳውን ኣድላይን ኢዩ፡፡

## ቅጠባ ጠቕሊ ዜና

ኣብዚዎም ዝሓለፉ ክልተ ኣዋርሕ ከምቲ ስሙዳ ሰፍሕን ትርርን ዝበሎ ናይ ምህናጽ ስራሓት ተኻይዶም ኣለዉ:: ሓደስቲ ጽርግያታት ተጸሪጎም: ኣብ ኣገልግሎት ዝነበሩ ብምኽንያት ብርቱዕ ክረማት ዝተበላሸዉ ነዊሕቲ መንገዲታት ተጸጊኖም: ቀጻርም ብርኩት ዝበለ ኣባይቲ ኣውን ተበሪሖም ተጸጊኖም ይርከቡ::

ካብ ቤት መደሃኒት ንቤት ትምህርቲ ሓሮ/ዝወስድ ካብ ፉባ ፉባ ስጉስ ዝኾነ: 8 ኪ.ሜ. ዝንውሓቱ ሓዱሽ መንገዲ ብ1000 ዝኾኑ ተጋደልቲ ኣብ ውሽጡ 7 መዓልቲ ብገጡኦ ተበሪሑ ንኣገልግሎት ተዓዲዩ ይርከብ:: ከምኡ'ውን ፉባ ክብከብ ብሕልፊ'ዉ ብግዜ ክረማት ንምስጋሩ ኣሸጋሪ ስለዝነበረ ነቲ ዝጊነፍ ዝነበረ ጸገማት ንምእላይን ነቲ መንገዲ ንምሕጻርን 200 ተዓለምትን 14 ኣባላት ህንጻን ዝተኻፈልዮ ስራሕ ንኣርባዕተ መዓልቲ ተኻይዱ 3 ኪ.ሜ ዝንውሓቱ ሓዱሽ መንገዲ ተጸሪጉ ኣሎ::

---/// ---

እዚ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ናይ ዝናብ ኣዋርሕ ብምንባሩ ሕጂ'ውን ኣብ ገሊኡ ቦታታት ከረምቲ ብምጽኑ/ዓርጋ ኩሉ መንገዲታት ተበላሽዩ ንምንቕሳቕ ኣሸጋሪ ኪዩ ዝነበረ:: ብዚ ምኽንያት'ዚ ድማ ዓርጋ ኩሉ መንገዲታት ተደጋጊሙ ተጸጊኑ ጥራይ ዘይኮነ ገሊኡ'ውን ጌና ኣብ ምጽጋን ይርከብ:: ንኣብነት 4 ኪ.ሜ/ዝንውሓቱ ካብ ፉባ ዓገት ክብረ ፉባ ሬቦሽ /32 ተጋደልቲ 12 መዓልቲ ዝተኻፈልዎ/: ካብ እፍዓበ ክሳብ ከረን ክልተ ግዜ /41 ኣባላት ህንጻን 200 ሓደስቲ ተዓለምትን 130 መዓልቲ ዝተኻፈልዎ/: ካብ መደሓኒት ክሳብ ሀቦር..ወዘተ ብገጡኦ ተጸጊኑ ኣገልግሎት ክህብ ይርከብ::

---///---

ኣብ'ቲ ኣንፃር ወራሪ ስርዊት ፊቶዶጅያ ውግእ ዝተገበረሉ ግዜ ኣብ ነጻ ዝወጸ ከተማታትና ዝተበላሸወ ብበዓይነቱ ህዝባዊ ኣገልግሎት ዝህቡ ኣባይቲ ጠሬኒክ: መሕረዲ ከብቲ: ማዘጋጃ ቤት: ቤት ትምህርቲ:..ወዘተ/ብጸዓት ኣባላት ወንፈር ህንጻ ብብእዋን እናተጸገኑ ንኣገልግሎት ድልዋት ኪኾኑ ይርከቡ:: ንኣብነት'ኳ ኣብ ውሽጢ ወርሒ 10 ጥራይ 6 ብበዓይነቱ ኣባይቲ ኣብ ውሽጢ ከተማ ደቀምሓረ ኣብ ከተማ ከረን ድማ 33 ኣባይቲ ተዓርዩ ኣገልግሎቱ ክህብ ይርከብ

---///---

ተጋደልቲ ጥራይ ኣይኮኑን ጽርግያ ዝሰርሑን ዘዐርዩን ዘለዉ::

## ቅጠባ ጠቕሰ ዜና

ኣብዚ ዝሓለፉ ክልተ ኣዋርሕ ኮሚቴ ዕሙዩ ሰፋሕን ትርርን ዝበሉ ናይ ምህናጽ ስርሓት ተኻይዶም ኣለዉ:: ሓደስቲ ጽርግያታት ተጸሪጎም: ኣብ ኣገልግሎት ዝነበሩ ብምኽንያት ብርቱዕ ክረምቲ ዝተበላሸዉ ነዋሕቲ መንገዲታት ተጸጊኖም: ቅጽሮም ብርከት ዘበለ ኣባይቲ ኣዉን ተበሪሖምን ተጸጊኖምን ይርከቡ::

ካብ ቤት መዕሃዪት ንቤት ትምህርቲ ሓሬ/ዝወስድ ካብ ፋብሪካ ዕዙስ ዝኾነ: 8 ኪ.ሜ. ዝንውሓቱ ሓዲሽ መንገዲ ብ1000 ዝኾኑ ተጋደልቲ ኣብ ውሽጡ 7 መዓልቲ ብገዛእ ተበግሶ ንኣገልግሎት ተዓዲዩ ይርከብ:: ከምኡ'ውን ፋብ ክበከብ ብሕልፊ'ቲ ብግዜ ክረምቲ ንምስጋሩ ኣሸጋሪ ስለዝነበረ ነቲ ዝጊነፍ ዝነበረ ጸገማት ንምእላይ ነቲ መንገዲ ንምሕጻርን 200 ተዓለምትን 14 ኣባላት ህንጻን ዝተኻፈልዎ ስራሕ ንኣርባዕተ መዓልቲ ተኻይዱ 3 ኪ.ሜ. ዝንውሓቱ ሓዲሽ መንገዲ ተጸሪጉ ኣሎ::

——— /// ———

እዚ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ናይ ዝናብ ኣዋርሕ ብምንባሩ ሕጂ'ውን ኣብ ገሊኡ በታታት ክረምቲ ብምዃኑ/ ዓርጊ ኩሉ መንገዲታት ብሰሸ ንምንዓዝ ኣሸጋሪ ኢዩ ዝነበረ:: በዚ ምኽንያት'ዚ ደማ ዓርጊ ኩሉ መንገዲታት ተደጋጊሙ ተጸጊኑ ጥራይ ዘይኮነ ገሊኡ'ውን ጌና ኣብ ምጽጋን ይርከብ:: ንኣብነት 4 ኪ.ሜ/ ዝንውሓቱ ካብ ፋብ ዓገት ክባሮ ፋብ ፈጠጠ /32 ተጋደልቲ 12 መዓልቲ ዝተኻፈልዎ /: ካብ እፋዓበ ከባብ ከረን ክልተ ገዜ /41 ኣባላት ህንጻን 200 ሓደስቲ ተዓለምትን 130 መዓልቲ ዝተኻፈልዎ /: ካብ መዕሃኒት ከባብ ዛጉር..ወዘተ ብገዛእ ተጸጊኑ ኣገልግሎት ክህብ ይርከብ::

———

ኣብ'ቲ ኣንጻር ወረራ ብራዊት ፊትፍሕኝ ዉግእ ዝተገበረሉ ግዜ ኣብ ነጻ ዝወጸ ከተማታትና ዝተበሳጨወ ብበዓይነቶም ህዝባዊ ኣገልግሎት ዝህቡ ኣባይቲ ጠሌኒክ: መሕረዲ ከብቲ: ዓዘጋጃ ቤት: ቤት ትምህርቲ:..ወዘተ/ ብጽዓት ኣባላት ወንፈር ህንጻ ብበእዋኑ እናተጸገኑ ንኣገልግሎት ድሉዋት ኮይኖም ይርከቡ:: ንኣብነት'ቲ ኣብ ውሽጢ ወርሒ 10 ጥራይ 6 ብብዓይነቱ ኣባይቲ ኣብ ውሽጢ ከተማ ደቀምሓረ ኣብ ከተማ ከረን ደማ 33 ኣባይቲ ተዓርዩ ኣገልግሎቱ ክህብ ይርከብ

——— /// ———

ተጋደልቲ ጥራይ ኣይኮኑን ጽርግያ ዝሰርሑን ዘዐርዩን ዘለዉ::

ቆርበትን ጃርባታትን ዝተበርሑ በብዓይነቶም ኣቕሑት ማለት ከም ኩ ሬፍ፡ ጫልፊ፡...ወዘተ፡ ብሬኽ ምቕራብ ኢዩ፡፡ ቅድሚ ሕጂ ብጸዓት ጀጋኑ ተጋደልትን ውፉያት ኣባላት ናይ ሐሩሽ ውድባትን ካብ ኢድ ጸላኢ ብዝ ተማንዝዐ ጥረ—ነገር /ቆርበት/ ተጠቒሙ ንሰራዊትና ዘድሊ በብዓይነቱ ክፉፋትን ሰፍያ ከተቕርብ ከምዝጸንሐት'ውን ፍሉጥ ኢዩ፡

ንምዃኑ'ኸ ካባብ ሕጂ ቡቲ ዘለዋ ንእሽቶይ ዓቕሚ ካብ 1- 10.000 ንሳዕሲ ዝኾውን ብውሕልነት ዝ ተበፍዩ በብዓይነቱ ክፉፋት ናይ ከሳሽንን ናተን ሲዋኝብን ሰረናትን...ወዘተ፡ ንኣገልግሉት ከምዘዓለወት ብሚዕኾም'ዶ፤ ከምኡ'ውን ካብ 150 ንሳዕሊ ዝኾውን በሬር ናይ በብዓይነተን ሽጉጥን፡ ኣዚን፡ ጌተርን በሪሳ ከምዘቐረበት ብሚዕኾም'ዶ፤ ብተወሳኺ ካባብ 650 ዝኾውን በብዓይነቱ መእሰር ሰዓታት፡ መረጼን፡ ባስኬራ...ወዘተ፡ ከምኒ ሰሪዓት ኣስተዋዕኹም'ዶ፤

ብዘይካ'ዚ ኣባላት ሰራት ቆርበትን ጃርባታትን ንኣብ በራዊትና ሰራት ዘሎ ናይ ሽዓ ሽገር ንምፍታሕ ካብ ኅሜ ዝተበርሐ ባእንታት ንምቕራብ ዝኣረገ ኅሜታትን፡ መሰማርን፡...ወዘተ፡ ኣብ ምንዓይ ከምዘለዉ'ኸ ብሚዕኾም'ዶ፤ ዷሮ ኣዓልዎ ንዝጸገሞ ብጾት ብመጠኑ ከምዝዓደሉን ሽገራት ብዓቕሞ ንምቅሳል ከምዝፈተኑን'ከ ብሚዕኾምዶ፤

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና፡
ዓወት ንሓፋሽ።